3/4/2016

# ልቢ ህዝቢ ዝሰፈሩ

ህዝባዊ ግንባር እቲ እንኮ ወኪል ሃገርን ህዝብን ኤርትራ እዩ። እዚ ዓለም ብዓለማ ኣንጻር ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ደው ኢላ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፡ ንህዝቢ ኤርትራን ቃልሱን ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ገጽ መሬት ንምጥፋእና ኣሎ ዝባሃል ተተኻሲን ቀመማዊ ኣጽዋርን ኣብ ጎቦታት ሳሕል ተሰትዩ ተሪፉ። ህዝባዊ ግንባር ግን ክብገስ እንከሎ ዝሓዞ ዕጥቂ፡ ቃልስና ነዊሕን መሪርን እዩ፡ ዓወትና ግን ናይ ግድን'ዩ ዝብል'ዩ። እቲ ጅግና ተጋዳላይ ነዚ ሓያል ጭርሖ ተቐኒቱ፡ ንጸላኢ ብብረቱን ብጥይቱን ወራር ኣብ ርእሲ ወራር ኣፍሺሉ፡ ኣብ መወዳእታ ብሓያል ጸረ መጥቃዕቲ ነቲ ሹሾ ሰራዊት ደርጊ ምስ ኩምራ ኣጽዋሩ ናብ ሓሙኹሽቲ ቀይሩ፡ሚዛን ሓይሊ ዘዝዩ፡ ህዝባዊ ግንባር ሳዕለዋይ ኢድ ጨቢጡ። እቶም ናይ ግዳም ተጻባእቲ ከኣ ደም እንዳጠዓሞም ነቲ ኣሽሓት ምሩጻት ከፊልና ዝጨበጥናዮ ዓወት ርዒሞሞ። ግን ከኣ ድሕሪ'ቲ ብቕልጽምና ዘረጋገጽናዮ ናጽነት፡ ነቲ ኣብ 1980 ህዝባዊ ግንባር ዘቕረቦ እማመ ረፈረንድም ምስቲ ድሒሩ ኣብ ኣትላንታን ናይሮቢን ዝተገብረ ርክብ ልኡኽ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ምሰ ኣቕረቦ፡ ልኡኻት ሰርዓት ደርግ ዝተሓሰምዎ፡ እቲ ጭዋ፡ ተባዕ፡ ጽኑዕ፡ እሙን፡ለጋስ፡ ቂም ዘይሕዝ ህዝቢ ኤርትራ ብዘደንቕ ኣገባብ ንዓለም ምሂርዋ። ረፈረንደም ብምግባር ከኣ ዳርጋ 100% እወ ሕጂ'ውን ናጽነትን ልኡላውነትን ብምባል ኣድሚጹ። ካብ 1993 ክሳብ 1997 ኣብ ዘሎ ግዜ ቁጠባ ኤርትራ 7% ዕቤት ኣርእዩ። ኣብ ስደት ዝነበረ ህዝብና ንዓዱ ተመሊሱ ሃገር ኣብ ምህናጽ እጃሙ ክገብር ተላዒሉ። እዚ መትከል ርእስኻ ምኽኣል ዘይተዋሕጠሎም ሓሳዳት ጭፍራ ማለሊት ብመንገዲ ለኣኽቶም ምስምስ ናይ ዶብ ብምስባብ ኩናት ከፊቶምልና፡ ልኡላውነትናን ክብረትናን ንምውሓስ ተገዲድና ዝኣተናዮ ካብ ኣእምሮና ዘይሃስስ በሰላ ገዲፉ፡ ዘይደለናዮ መስዋእቲ ከፊልና ሃገር ግን ሳላ ይከኣሎን ዋርሳይን ከቢራን ተሓፊራን። ጭፍራ ማለሊት ክሳብ ዝኣኽላ ምስተደከረት ከይፈተወት ስምምዕ ኣልጀርስ ክትፍርም ተገዲዳ። ኣብ ሕጊ ቐሪባ ተረቲዓ። ክሳብ ሕጂ ግን ነቲ ብሓይልን ብሕግን ክትረኽቦ ዘይከኣለት መሬት ኤርትራ ሰራዊታ ኣስፈራትሉ ትርከብ ኣላ። ዕላማ ወያኔ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ብደሮና ሓሶት ምስሎም ደዊንካ፡ ንርክብ ህዝብን መንግስትን በቲኽካ፡ ብቑጠባ ሓኒቕካ፡ ዓቕሚ ሰባ ዘቒቕካ፡ በቶም ወግሐ ጸብሐ ሓንሳብ ኣብ ኣዋሳ፡ ኣብ ካልእ እዋን ድሬዳዋ፡ ባህርዳር፡ መቐለ፡ ኣዲስ ኣበባ ትሽትሽ ወያኔ ስዒምምን ጥሕሎ በሊዖም ዝመጹን፡ ኣብ ኢንኩበይተር ወያኔ ዝጫጭሓ ውድባት ኢና በሃልቲ ሓንሳብ ስመርዶ ጥመር፡ ሃገራዊ ድሕነት፡ ኪዳን፡ ሰውራዊ ባይቶ፡ መድረኽ፡ ካልእ'ውን ካብ ዝኾነ ውድባት ነጻ ናይ መንእሰያት ምትእኽኻብ እናበልካ ነቲ ከተግብርዎ ዝደልዩን ዝሓሰቡን እከይ ተግባራት መጻወቲ ዝኾንኦም መጣልዒ ካርድ ተወዲኦን እየን። እቲ ክሳብ ሕጂ ክንሪኦ ዝጸናሕና ዕንደራ ተቓመርቲ፡ ምስ ዕድመ ወያኔ ዕድሜኦም ክሓጽር ምኻኑ ዘጠራጥር የለን። እቲ ልዕሊ ኹሉ ዝገርም ግን፡ ብስም ተቓዋማይ'የ እናበልካ፡ ሃገር ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ክትኣቱ ኢድካን እግርኻን ኣጣሚርካ ትም ኢልካ ከይኣክል፡ ኣብ ጎኒ ወያኔ ኮይንካ፡እገዳ ይጽናዕ፡ እገዳ ንመንግስቲ እምበር ንህዝቢ ኣይኮነን፡ ሓገዝ ዝወሃብ ጠጠው ይበል እናበልካ ምጭዳር፡ እዚ'ስ ምስ ምንታይ ይቑጸር። እዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ዘበሉ ሰባት መንነቶም ኣብ ምልክት ሕቶ ዝኣቱ እዩ። ብኣገባብ ዘለካ ሕቶ፡ ነቐፌታ፡ ርእይቶ ክትህብ መሰልካ እዩ። እዚ'ውን እታ ሃገር ካባኻ እትደልዮ ግደ ወይ ግቡእካ ምስ ኣማላእካ'ዩ። ካባኡ ሓሊፉ ተሪፉ እጃምካ እንተዘይኣበርኪትካ ቃል ከተውጽእ'ውን መሰል የብልካን። መርገጺኻ ተነጽረሉ ግዜ ሕጂ'ዩ። ኣይ ምስቲ ኣይ ኣብቲ ኮይንካ ትኸደሉ ግዜ እዋኑ ሓሊፉ'ዩ። ብፍላይ ከኣ እዞም መባኹዕቲ ( ለቢቶ ) ዝኾኑ ሰባት፡ እገለ ሰላም ከይከልኣኒ እገለ ከይጸልኣኒ እናበልካ፡ ዘዝበሉኻ ክፉእ ነገርን ጸይቂ ስራሕን ወዊሕጥካ ምኻድ፡ ጽባሕ ወዲቕካ ጸኒሕካዮም ከልዕሉኻ ዘይኮኑ፡ ካብታ ዝወደቕካያ ሓፍ ኣቢሎም ኣብ ናይ ጎሓፍ ሰፈር ከምዘየእትዉኻ ኣይትዘንግዕ። ኣብ መወዳእታ ክህቦ ዝደሊ ምኽሪ ዋናታት ናይዛ ሃገር እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. እቲ በጃ ዛ'ሃገር ዝሓለፈ ተጋዳላይ ይኹን ሓፋሽ ውድባት።
2. እቲ ካብ ስዉኣትና ንላዕሊ ካብ ህሉዋት ንታሕቲ ዝኸበደ ስንክልና ዘለዎም ብጾት።
3. እቲ ክሳብ ሕጂ ኣብ መትከሉ ጸኒዑ ሃገር ኣብ ምውሓስን ምልማዕን ከርተት ዝብል ዘሎ፡ ይከኣሎን ዋርሳይን።
4. እቲ እሙን ሓፋሽ ውድባት ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ንሃገሩ ዝተሓተቶ ዝህብ ውፉይ ህዝብና እዩ።

ኣታ ኣብዚ ዘየለኻ ንነብስኻ ፈትሻ፡ እንተዘይረኺብካያ ብባውዛ ወይ መነጸር ጌርካ ሃሰስ በላ፡ ኣብ ዝግባኣ መስርዕ ከኣ ኣእትዋ። ንሎሚ ወድሓንኩም፡

## ዘላኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና
## ዓወት ንሓፋሽ!!!!!!!!
## መኮንን ወልዳይ